
## “ያናን በስክዲራን - ህልቂት ዓድታት ሰንሒት 1970-1971”

### *እንተ ረስዐ ዝወግአ፡ ኣይርስዕ ዝተወግአ*





**ኤፍረም ሃብተጽዮን**

ቀዳም 30 ሕዳር 2024፡ ከተማ ከረን “ያናን በስክዲራን - ህልቂት ዓድታት ሰንሒት 1970-1971” ዘርእስታ ክታም ውጹዓት እተዘንቱ መጽሓፍ ምስ ኣንበብቲ ኣላልያ። እዛ ብመምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ ንኣስታት 10 ዓመት መጽናዕቲ ዝተኻየደላን ባህልን ስነ-ጥበብን ባህልን ስነ-ጥበብን ኤፍረም ሃብተጽዮን እንተ ረስዐ ዝወግአ፡ ኣይርስዕ ዝተወግአ ምስ ገዝኡ ክነድድን እንክሎ) ውጻእ መዓት ዝኾነት ሓርበኛ ኣደ'ያ። ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ንኡስ ኣርእስቲ “ዘይትጸዓድ ኣደይ ዓቤት” ካብ ዝሰፈረ፣ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝተሓትመትን መጽሓፍ'ዚኣ፡ ንማንታ ኣሰቃቒ ግፍዒ ወተሃደራት ስርዓት ሃይለስላሰ ኣብ ዓዲታት ያናን በስክዲራን እትቐልዕ ታሪኻዊት መጽሓፍ ምዃና ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ ተገሊጹ። ኣብቲ ሓላፊ ምርምርን ሰነዳን ህግደፍ ኣቶ ዘምህረት ዮሃንስ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ውጻዕ መዓትን ቤተ-ሰብ ግዳያት ህልቂት ናይዘን ዓድታትን ነበርቲ ከረንን ከባቢኣን ዝተሳተፉዎ መደብ፡ ነቲ መጽሓፍን ነቲ ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ግፍዕን ዝገልጽ ብርክት ዝበለ መደባት ተኣንጊዱ።

መጽሓፍ “ያናን በስክዲራን”፡ ጽባሕ ሓሙስ 12 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ፡ ሲኒማ ሮማ፡ ኣብ ዝካየድ መደብ ዝኽሪ ምስ ኣንበብቲ ክትላለ እያ። ንሎሚ፡ ኣብቲ ኣብ ከረን ዝተኻየደ መደብ ብነጃት ዑመር ዝቐረበ ነጸብራቕ ንባብ መጽሓፍ ነቕርበልኩም። *** እንቋዕ ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ ምምራቕ መጽሓፍ ያናን በስክዲራን ብሰላም ኣኻኸበና። ነዛ ውጽኢት ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ መጽናዕትን ሃልክን ዝኾነት መጽሓፍ፡ ኣብ ዕለተ-ልደታ ክሳተፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ዝፈጠረትለይ ጠብላሕታ ንእሽተይ መግለጺ ክህብ ብዝተገብረለይ ዕድመ

ምስጋናይ ደረት ኣልቦ'ዩ። መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን"፡ ብቐጥታ ናብ ፍጻመታት ግፍዒ ናይ'ዘን ዓድታት - ካብ ሰነዳት፡ ካብ ቃላት ውጻእ መዓትን ስድራቤት ግዳያትን - ቅድሚ ምእታው፡ ውሕሉል መእተዊ ድሕሪ ምጥቃም፡ "ሰውራን ግፍዕን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ፡ ካብ 1950 ክሳዕ 1970 ዝነበረ ሕቡእን ግሁድን ኣጀንዳታት መንግስቲ ኢትዮጵያን መዛምርቱን ብዕምቆት ዝትንትን ክፍሊ ኣለዋ።




እዚ ንኡስ ኣርእስቲ'ዚ፡ ንቐስቃሲ ድርኺት ምጅማር ብረታዊ ቃልስን ዝርግሐ ጭኮና መንግስቲ ኢትዮጵያን ብምጽማቝ ሓደ ዓቢ ሰንሰለታዊ ስእሊ ናይ ፍጻመታትን ግዜን ዘነጽር ኣርእስቲ'ዩ። ልክዕ ዕጫ ያናን በስክዲራን ዝወረደን ማእለያ ዘይብለን ዓድታት ሃገርና ኤርትራ ከም ዘለዋን ተመሳሳሊ ደበስ'ውን ከም ዘድልየንን ዘርእይን ንኹላትና ሕድሪ ዘሰክምን ዕዉት ስራሕ እዩ። መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን"፡ ሜጀር ጀነራል ተሸመ እርገቱን ዓጀብቱን ብ21 ሕዳር 1970 ካብ ኣስመራ ብመኪና ንከረን ኣብ ዝጐዓዙሉ ዝነበሩ እዋን፡ ኣብ ከባቢ ባልዋ ብተጋደልቲ ኣብ ዝተዳለወ ድብያ ብኸመይ ከም ዝተቐትለ ደቂቕ ዝርዝራት ሓቝፋ ትርከብ። እቲ ኣብ ግዚኡ ዓቢ ብዓል ዝናን ስልጣንን ዝነበረ ጀነራል፡ በቶም መንግስቲ ኢትዮጵያ "ሽፋቱ" ትብሎም ዝነበረት ተጋደልቲ ምቕታሉ፡ ንንጉስ ሃይለስላሰን ዝተረፉ ሰበስልጣን ኢትዮጵያን መዓንጣ ከብዶም ዝቐርጽ ኣጋጣሚ'ዩ ነይሩ። "መባእስትኻ ለባም ይግበረልካ" ከም ዝበሃል ግን. . . ድሕሪ ቅትለት'ቲ ኣብ ቀብሩ ናይ ሌተናንት ጀነራል መዓርግ ዝተሸየመ ጀነራል ተሸመ እርገቱ፡ ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ (ወይ ደራሲ ከም ዝሰመዮም "ሹማምንቲ ጥፍኣት") ተረፍ ሕርቃኖም መቀላጠፊ ድጉል ዕላማኦም ብምግባር፡ ዓድታት ምርሳይ፡ ምንዳድን ሰላማውያን ምቕታልን ስርሐይ ኢሎም ተተሓሓዙዎ። ኣብ መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን" ዝርኣየካ ሓይሊ፡ ስፍሓት ዝተኣከበ ሓበሬታን ጭብጥታትን እዩ። ብደረቕ ስእልታት ዝተሰነየ ቃል-

መሕተት ምስ ሰብ ውዕሎ፡ ውጻእ መዓትን ስድራ-ቤት ግዳያትን ጥራይ ዘይኮነ ካብ ሰነዳት ኢትዮጵያን ካልኦት መዛግብትን ዝተደርዐ ሓቅታት ታሪኽ እያ እትቕርብ።

መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን"፡ መቕጸልታ ናይታ ኣቐዲማ ዝተሓትመት መጽሓፍ "ግፍዒ" ትኹን ደኣ'ምበር፡ ፍልይቲ ዝገብራ ነገር እንተ'ልዩ፡ ነቲ ናይ ግፍዒ ህሞት፡ ከም ሰሌዳታት ተንቀሳቓሲ ስእሊ ንስምዒታት ፍርሒ፡ ሻቕሎትን ዓቕሊ ጽበትን ግዳያት ብንጹር ከተርኢ ትኽእል ምኧና'ዩ። እዚ ኹሉ ካዕቦ ጭካነ ተዓዚቦም ውጻእ መዓት ዝኾኑ ዜጋታት፡ ብቓላቶም ሓቀኛ ምስክርነት ክህቡ እንከለዉ ዝስምዮም ዝነበረ ስምዒት ብልክዕ ክትፈልጦ'ኺ እንተ ዘይተኻእለ፡ ከገምት ዝኽእል ስነ-ጽሑፋዊ መልእኽቲ ዝሓዘት መጽሓፍ እያ። መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን" ንኽተንብብ ሓይሊ የድልየካ። ወኒ ወይ ድሌት ምፍላጥ ታሪኽካን መንነትካን። ካብቲ ነታ መጽሓፍ ከተንብብ እንከለኻ ዝስምዓካ ዝተደባለቐ ስምዒታት ክዛይድ ከኣ ኣለዎ።

ገለ ኣብነታት ክጠቅስ፣ ኣብ በስክዲራ፡ ሰኑይ 30 ሕዳር 1970 (ልክዕ ከም ሎም፡ ቅድሚ 54 ዓመት) ዘጋጠመ ግፍዒ ከተንብብ እንከለኻ፡ ጥበብ፡ ትብዓት፡ ሓይልን ሓድነትን ተቐማጦኣ የሐብነካ። ሰይጣናዊ ተግባራት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንኣስታት 280 ቈልዑ፡ ኣንስቲ፡ መንእሰያትን ሽማግለታትን ኣብ ሓንቲ መስጊድ ኣእትዮም ብጠያይት ክበታትንዎም ድማ የናድደካ። ካብዚ ዝደሓኑ ውጻእ-መዓት ክፈጥረሎም ዝኽእል ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺ ክትግምት ትደናገር። ኣብ ዓዲ ዘይነበሩ፡ ኣባላት ስድራ-ቤቶም ክሓቝፉ ብህርፋን ዝመጽኡ፡ ሬሳታት ተጸፍጺፉ ክቕበሎም!. . . እንድዒ በቃ! ንኹሉ ስምዒታት ኢኻ ትበጽሖ። እዚ ድማ ኣንባቢ ብምኧን ጥራይ እዩ።

መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን"፡ ነቲ ዝቐጸለ ህይወት ገለ ውጻእ መዓትን ዝጨበጡዎ ደረጃ ዓወታት'ውን ስለ እተዘንቱ፡ ንኣንባቢ ኣብ ዝተደባለቐ ስምዒት ኣይትገድፎን እያ። ዳርጋ ኣብ መፈለምታ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ኣርእስቲ፡ ነቲ ዝስዕብ ፍጻመን ዛንታን ዝያዳ ዘድምቓን ዝድርዓን ግጥምታት ናይ ዝተፈላለዩ ገጠምቲ [ሃገርና] ኣለዋ። ውሑዳት ቃላት ግን ድማ ኣድማስ ምሉእ ትርጉም ዘለወን ግጥምታት።

'እዚኣ'ያ ፍልይቲ፡ እዚኣ'ባ ካብ'ዚኣትበልጽ' ኢልካ ዘይፈላለ ትሕዝቶ ካብ ዘለዋ መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን" ገለ ከንብብ'የ። ትበልጽ' ኢልካ ዘይፈላለ ትሕዝቶ ካብ ዘለዋ መጽሓፍ "ያናን በስክዲራን" ገለ ከንብብ'የ። ብዛዕባ ሓንቲ ካብ ግፍዒ ያና (ኣብ ታሕሳስ 1970 ሰብ ብኣልማማ ጠያይት ክቕተልንምስ ገዝኡ ክነድድን እንከሎ) ውጻእ መዓት ዝኾነት ሓርበኛ ኣደ'ያ። ኣብ ካልኣይ ምዕራፍ ንኡስ ኣርእስቲ "ዘይትጸዓድ ኣደይ ዓቤት" ካብ ዝሰፈረ፣"ብዓይኒ የብለይ ስኒ ካብ

ዝተኮሰን ሓያሎ ጠያይት፡ ሓሙሽተ ዕላማ ወቕዓ። ድሕሪ’ዚ ‘ኣበይ ከይትትንስእ’ ናብ ዝብል መደምደምታ በጺሑ ንሓንቲ ካብተን ክልተ ኣንዱ ናይ እንዳ ዓቤት ክርቢት ሸርጢጡ ካልኦት ዝቕተሉ ክእልሽ ገዲፉወን ተዓዝረ። ኣምላኽ ኣይትተዓወት ኢሉዎ ግን ሓዊ ዝኣጕደላ ኣጕዶ ብዕድል ሰብ ዘይነበራ ኮነት።“ኣብ መስከረም 2016፡ ነደይ ዓቤት ብዛዕባ’ቲ ኣብ ልዕሊኣን ዝወረደ ኣንደበተን ክስንድ ዕድል ረኺበ ነይረ። ኣብ መንጎኣንን ኣብ መንጎ’ቲ ቀታልን ዝተፈጥረ ናይ ሞትን ህይወትን ምፍጣጥ ከኣ ብኸም’ዚ ይገልጻ፣ “ኣነ ብድሕሪት ንሱ ብቕድሚት ናይ’ቲ ገዛ ነይርና። ንሱ ንዓይ ክቐትል ኣነ ካብኡ ክኸወል ተረባሪብና። ይትኵስ - ይስሕተኒ! ይትኵስ የስሕቶ! ዳሕራይ፡ ፈለማ ሰለፈይ፡ ደጊሙ ኣብ ጎድነይ፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል እግረይን ኣብ ርእሰይን ምስ ረኸበኒ ራዕ ኢለ ወዲቐ። ገና ኣብ ባይታ ተዘርጊሐ እንከለኹ ነብሰይ ብዓቕሊ ጽበት፡ ‘ኬድኪ ሕነኻዮ! ሕነኻዮ! ትኽእሊ ኢኺ!’ እናበለት ትእኩተኒ ነይራ። እንተኾነ፡ ዕድል ከይሃበ ዝተኮሳ ጥይት ንኣስናነይ ለኪማ ክንዮ ሸሪዕ ደርብያትኒ። ሞይታ ኢሉ ሓዲጉኒ ከይዱ።”

ኣደይ ዓቤት፡ ኣብ ናይ ካልኢታት ፍልልይ ሓሙሽተ ጠያይት ኣብ ነብሰን ጽሕዩ እንከሎ፡ ብድድ ኢለን ተንሲአን። እዚ ዛንታ’ዚ ኣብ “ሆሊዉድ” ዝተደርሰ ልቢ-ወለድ ፊልም ትርኢ ዘለኻ’ምበር ሓቂ ኮይኑ ኣይስምዓካን። ከመይ! ሓሙሽተ ጠያይት ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ በሳሲዑወን ከብቅዕ፡ ደመን እናፈሰሰ ተንሲአን መሪሸን። ስጋ ዝለበሰ ፍጡር ብሓሙሽተ ጠያይት ተበሳሲዑ እንከሎ፡ ንእለት “ብድድ ኢሉ ተንሲኡ” እናበልካ ምዝንታው ክንዮ ሓሶት ዕሽነት’ውን ክመስል ይኽእል’ዩ። ኣደይ ዓቤት ግን ብቓላተን ጥራይ ኣይኮናን ኣዘንትየን። ርእሰን ቀሊዐን ቀሚሸን ሰብሲበን ስለ ዘርኣያና ኣሚንና ጥራይ ዘይኮነ ንኸንምስክር’ውን ትብዓት ረኺብና ንዛረበሉ ኣለና።

ደቀን፡ ንወላዲቶም ርእዮም፡ መልኣከ ሞት ከም ዝመጽኦም መሲሶም ባህረሩ። እተን ቅድሚ ውሑዳት ደቓይቕ ምስ ወጅሆን ዝተፈልያኦም ኣደ፡ ካብ ርእሰን ክሳብ ጽፍሪ እግረን ብደም ተሓጺበን፡ ልዕሊ ድምጺ ጠያይት ኣሰንባዲ ፍጥረት ተቐዪረን ነበራ። ትርኢተን ስለ ዘርዓዶም ከኣ፡ ይትረፍ “ይማ” ኢሎም ክሕቈፉወን ካብኣን ደኣ ሃደሙ። . . . ዝተረፈ ኣብዚ ልዕሊ 500 ገጻት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣሎ ባዕልኹም መልእዎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣንበብቲ ኣሕተምቲ ሕድሪ፡ ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ትጽቢት [ንኸንድኡ ግዜ መጽሓፍ ከይሓተሙ’ዮም ጸኒሖም] ብኣዝያ ሃብታም መጽሓፍ “ያናን በስክዲራን” ምድባስና ሓጐስና ጥርዚ ምኻኑ እናመስከርኩ፡

ንደራሲ እዛ መጽሓፍ መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ እንቋዕ ፍረ-ጻማኻ ክትርኢ ኣብቅዓካ እብል።

ሓዳስ ኤርትራ 10 ታሕሳስ 2024